## ኣብ ከተማ ጀነቭ (ስዊትዘርላንድ) ኣብ ጸገማት ኤርትራ ዘትኮረ ሓደ ሓበራዊ ዘተ ተቓኒዩ

## ፍትሕን ተሓታትነትን ክረጋግጽ ቃልሲ ከካይድ ድማ ጸዊዑ

ሰኑይ  መጋቢት 13/2017 ኤርትራውያንን ኣዕሩኽ ኤርትራውያንን ኣብ ከተማ ጀነብ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ ተጸዋዒ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተራኺቦም ኣብ እዋናዊ ጉዳያት ኤርትራ መሰረት ብምግባር ተዛትዮም። ማእከላይ ነጥቢ ናይ'ቲ ዓውደ ዘተ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ መሰረታዊ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ከተጽንዕ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘጣየሳ መርማሪት ኮሚሽን ዘቕረበቶ ጸብጻብን ዘመሓላለፈቶ ለበዋን መሰረት ብምግባር ንህልዊ  ምዕባሌታት ኤርትራ ንምግምጋም'ዩ ነይሩ።

እዚ ብኤርትራውያንን ኣዕሩኽ ኤርትራውያን ዝተኻየደ ዘተ፡  ቅድሚ ሓደ መዓልቲ ካብ'ቲ መበል 34 ስሩዕ ኣኼባ ተወከልቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝጋብእሉ ዕለት'ዩ ተኻየዱ። እዞም ዝስዕቡ ተሳተፍቲ ድማ ነይረሞ።  ፕሮፌሶር ሚሪያም ቫን ሬይሴን ካብ ዳች ዩኒቨሪሲቲ ( ከተማ ቲልቨርግ) ፣  ቴልዳህ ማዋ ይረ (ዝምባብዊ ተመራማሪ፣  ብህግደፍ ብዙሕ ዝተገፍዐ ዓወት ዝተባህለ መንእሰይን።

ኣዋሃሃዲ ናይ'ቲ ሓባራዊ ዘተ ዶ/ር ዳኒኤል ረዘነ ነይሩ። ዶ.ር ዳኒኤል ዛዕባ ናይ'ቲ ዓውደ ዘተ ከብርህ እንከሎ፡ 1. ኣብ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ መሰረታዊ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ'ቲ ዝቕጽል ኣኼባ ናይ ወከልቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብኣጀንዳ ተታሒዙ ኣኼበኛታት መታን ክዛተይሉን ቀጻልነቱ ድማ ክረጋገጽን፣ 2. እቲ ኣብ ሰነ 2016 ብመርማሪት ኮሚሽን ዝተመሓላለፈ ለበዋ ተግባራዊ ክኸውን ናብ ደላዪ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለም ቀጻሊ ጻውዒት ንምቕራብ፣ 3. ብዛዕባ'ቶም ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት መሰረት ገይሮም፡ ኣብ ኒውዮርክ፡ ብራስለስ፡ ባንጁን ኣዲስ ኣበባን ካልኦት ከተማታትን ዝተኻየዱ ርክባት ንተጋባእቲ ምግላጽን ምኺኑ ኣረዲኡ።

መንእሰይ ዓወት ብወገኑ ኣብ 17 ዓመት ዕድሜኡ ኣብ ግዱድ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከም ዝተጸንበረ፡ እቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ልዕሊ ዜጋታትን ህዝብታትን ብዘብጸሖ ዘሎ ማሕበራዊ ምብትታን፡ ብዘይካ መቕዘፍቲ ዕንወትን ጥፍኣትን ካልእ መግለጽን መጸውዕን ክርከበሉ ከምዘይከኣል ገሊጹ። ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ስርዓት ህግደፍ ዝፍጸም ኢ-ሰብኣዊ ግፍዕታት ኣመልኪቱ  ድማ፡ ዝእሰሩ ዜጋታት ቁጽሪ ከምዘይብሎም፡ ምኽንያት መእሰሪ ድማ ኣይኮነን ብማዕዶ ንዘሎ ተኣሰርቲ'ውን ዘይፈልጥዎ ምዃኖም፡ ካብ ኩሉ ዕድመን ጾታን ዝዳጎንሉን ዘስካሕክሕ ህይወት ዘሕልፍሉን ምዃኑ ተመክሮኡ ኣካፊሉ።

ቴልዳህ ማዋይረ ብወገኑ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ መሰረታዊ ጥዕሰት ሰብኣዊ መሰላት ከም'ዚ እንተደኣ ኮይኑ፡ ለበዋ መርማሪ ኮሚሽን  ንኽትግበር ብዘይምስልካይ ክሰረሓሉ ኣለዎ።እቲ ስርዓት ዝነዝሖ ኣብ ሓሶት ዝተመስረተ ፕሮፖጋንዳ ብግልጺ ክምከትን ክሰዓርን ኣለዎ ኢሉ። ቀጺላ ድማ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን መንግስታት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን፡ ንጨፍላቒ ስርዓት ኣስመራ፡ ኣብ ምቅላዕን ብኣድማሳዊ ሕጊ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ክግዛእ ከም ዘለዎ ጸቕጢ ናይ ምግባርን ሓላፍነት ከምዘለዎም ክርድኡን ብተግባር ክሰርሕሉ ኣለዎምን ክትብል ኣዘኻኺሩ።

ፕሮፌሶር ማርያም ቫን ሬይሴን ድማ  ኣብ ባርነታዊ ዕዮን ንግዲ ደቂ-ሰባትን ኣመልኪታ ሰፊሕ መብርሂ ሂባ። እዚ ጉዳይ ኣብ'ቶም ንስክላ ካብ'ዚ ኢ-ሰብኣዊ ተግባራት'ዚ ኣምሊጦም ብህይወት ዝተረፉ ዘሕድሮ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ብመረዳእታ እናደገፈት ኣብሪሃ። ስለዚ ኢላ ፕሮፌሶር ማርያም፡ ነዞም ዓመጸኛታት ናብ ቤት ፍርዲ ኣቕሪብካ ናይ ምፍራዶም ጉዳይ ንኽሉና ዝምልከትን ሰለም ከይበልና ድማ ክንሰርሓሉ ዘለናን'ዩ ክትብል ኣዘኻኺራ። ሰበ-ስልጣን ኣስመራን ኣብ ስደት ዝርከቡ ደገፍቶምን ናይ'ዚ ኩሉ ግፍዕታት ተሓተቲ'ዮም። ነዞም ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ብሰላምን ብደሞክራስን እናነበሩ፡ ንከም'ዚ ዝበለ ውልቀ መላኺ

ስርዓት ዘገልግሉ ደገፊቲ በዓል መንዮም ምልላይን ምክትታልን ድማ ብቑም-ነገሩ ክስረሓሉ ኣለዎ ክትብል ኣዘኻኸረ።

መበል 34 ስሩዕ ኣኼባ ወከልቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ድማ ብ14 መጋቢት 2017 ተቓኒዑ። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኣተሓሓዛ ሰብኣዊ መሰል እንታይ ይመስል ዝብል ዛዕባ ድማ ተላዒሉ። ኩሎም መደርቲ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ ዕለታውን ትንፋስ ዘይህብን እናኾነ ይኸይድ ምህላውን ኣረዲኦም። እዚ ስርዓት ብኣህጉራዊ ሕግታት ከምዘይግደስ ኣብ'ቲ ኣኼባ ብወግዒ ተገሊጹ። ኣብ'ዚ ጉዳይ ፍልይቲ ጸብጻቢት ዝኾነ ወ/ሮ ሺላ ቢ ኪታሩት፡ እዚ ስርዓት ነቲ ኩሉ ብደላዪ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለም ዝቐርበሉ ዘሎ ምሕጽንታ፡ መተሓሳሰብን ጻውዒት ኣብ ግምት ብምእታው ስድሪ'ውን ትኹን ናብ ፍትሒ ገጹ ዘይቀረበ ምዃኑ'ዩ ኢላ። ኣብ ኣኼባ ጀኔቭ ኣስታት 20 ዝኾና ሃገራት'የን ተሳቲፈን ነይረን። ዝበዝሑ ድማ ንተግባራት'ቲ ስርዓት ኮኒኖም።

ምንጪ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ 14 መጋቢት 2017

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 17-03-2017